

# ነጻ ወይ ትሑት ወጻኢታት ዘለዎ ክንክን ጥዕና ትደሊ ዶ?

## ሽፊንናልካ ኣለና

*ብዙሓት ነኣሽቱን መንእሰያትን ብመንገዲ Washington Apple Health (Medicaid) ንነጻ ወይ ትሑት ወጻኢታት ክንክን ጥዕና ክሽፈነሎም ብቑዓት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።*

### ስለምንታይ እዩ ናይ ጥዕና ወጻኢታት ክሽፈነለይ ዘድልየኒ?

ሽፋን ወጻኢታት ጥዕና ንመንእሰያት ዘድልዮም መሰረታዊ ክንክን ንክረኽቡ - ናብ ሓኪም ንምብጻሕ፣ እንተሓሚምካ ወይ እንተተጎዲእካ ክንክን ንምርካብ፣ መርመራታት ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፍ ረኽሲ (STI)፣ ብሓኪም ዝተኣዘዙ መድሃኒታትን ኣብ ሆስፒታል ምእታውን ክሕግዝ ይኽእል እዩ።

ሽፋን ወጻኢታት ጥዕና ብተወሳኺ መከላኸሊ ጥንሲ፣ ክንክን ጥንሲ ወይ ምቁራጽ ጥንሲ፣ ጥዕና ኣእምሮን ኣገልግሎት ሕክምና ጸገም ኣጠቃቕማ ጥረ ነገራትን የጠቓልል።

### 19 ዓመት ወይ ልዕሊኡ እንተኾይነ ሽፋን ወጻኢታት ጥዕና ክረክብ ይኽእል'ዶ?

እወ ንኮተቴን መንእሰያትን ብተመጣጣኒ ዋጋ ሽፋን ወጻኢታት ጥዕና ዝኸውን ኣማራጺታት ኣሎ። ደረጃታት ኣታዊ እንተ ኣማሊእካ ወይ ኣብ መዕበዪ ህጻናት እንተ ሃሊኻ ንነጻ ሽፋን ወጻኢታት ብቑዕ ክትከውን ትኽእል ኢኻ።

### ብዘይ ወለደይ ሽፋን ወጻኢታት ጥዕና ክረክብ ይኽእል ድየ?

እወ ዕድሜኻ 18 ዓመት ወይ ትሕቲኡ እንተኾይኑ ባዕልኻ ሽፋን ወጻኢታት ጥዕና ክትረክብ ትኽእል ትኸውን እንተድኣ፤

- ካብ ወለድኻ/ኣለይትኻ ተፈሊኻ ትነብር ከምኡ ድማ ከም ጽግዕተኛ ንምምሕር ግብሪ ብእኦም ኣይትሕተትን ኮይንካ።
- ጥንስቲ ኮይንኪ።
- ምቁጽጻር ወሊድ ወይ STI ክንክን ዘድልያ ኮይንኪ።

ሕቶታት እንተሃልዩኩም ወይ ኣብ ሓደ ካብዞም ኩነታት ክንህልዉ ንኽእል ኢና ኢልኩም እንተሓሲብኩም፣ ወጻኢታት ንኽሽፈነልኩም ንምምልካት ብስልኪ ቁጽሪ 1-855-923-4633 ን Washington Healthplanfinder ክትራኸቡ ኣለኩም (ኣብ መርበብ ሓበሬታ ወይ ዌብሳይት ከተመልክቱ ኣይትኽእሉን ኢኹም)። ክትድውሉ ከለኹም፣ ከምዚ በሉ፤ "ናብ Apple Health ከመልክት ደልየ"። ኣማራጺታትካ ንምርዳእ ብነጻን ምስጢራውን ሓገዝ ክህበካ ናብ ዝኽእል ሰብ ከእትዉኻ እዮም።

### ብኸመይ ከመልክት ይኽእል?

ንነጻ ወይ ትሑት ወጻኢታት ዘለዎ ሽፋን ክትረክብ ብቑዕ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። ሕጂ ኣመልክት!

- ብመስመር ኢንተርነት: ናብ **wahealthplanfinder.org** እተው - ነታ "Apply Now" ("ሕጂ ኣመልኪቲ") ትብል መጠወቒ ምረጽ።
- ሞባይል መተግበሪ: እቲ WAPlanfinder መተግበሪ ኣውርድ ስልኪ: ናብ Washington Healthplanfinder ብቑጽሪ 1-855-923-4633 ደውል።
- ወረቐት: ነቲ መተግበሪ ኣብ**hca.wa.gov/health-care-application**. ኣቲኻ ኣውርድ።
- ብኣካል: ብዘይ ተወሳኺ ወጻኢታት ንሽፋን ጥዕና ከተመልክት ክሕግዙኻ ዝኽእሉ ናይ ከባቢ ጸጋታት።። ብጻሕ ናብ **wahealthplanfinder.org** - ብመንገዲ እቲ ናይ ዓማዊል ደገፍ ጥብቆ ኣቢልካ ደላዪ ርኸብ።

HCA 19-023 TI (5/23) Tigrigna

ንምምልካት ድሉው ምስ ኮንካ፣ እዞም ዝስዕቡ ከድልዩኻ እዮም፤

- ወርሓዊ ኡቶት።
- ቑፅሪ ማሕበራዊ ውሕስነት
- ዕለተ ልደት
- ናይ ኢሚግሬሽን ሓበሬታ፣ ንዓኻ ዝምልከት እንተኾይኑ።
- ናይ ደብዳበ ኣድራሻ።
  - ናይ ደብዳበ ኣድራሻ እንተዘይብልካ፣ ናይ ዓርክኻ ወይ ዘመድካ ኣድራሻ ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ፣ ወይ ኣድራሻ ናይ መንእሰያት መዕቆቢ ወይ ቤት ትምህርቲ ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ።

## ኣቐዲሙ ሽፋን ወጻኢታት ጥዕና ኣለካ?

እንተዳኣ Apple Health ረኺብካ ኮይንካ፣ ሽፋንኩም ንምዕቃብ ክትሕድሱ ኣለኩም።

- ዕድሜኻ 19 ዓመት ወይ ልዕሊኡ እንተኾይኑ፣ ብኢንተርነት ኣብ **wahealthplanfinder.org**. ኣሕድሶ።
- ዕድሜኻ 18 ዓመት ወይ ትሕቲኡ እንተኾይኑ፣ ናብ 1-855-923-4633 ብምድዋል ሽፋንካ ከተሐድስ ኣለካ

ኣብ ማሕበረሰብ ዝተመስረተ ብኣካል ዝሰርሕ ዝሕግዘካ ንምርካብ፣ ናብ WashingtonHealthplanfinderኣብ**wahealthplanfinder.org** እቶ።

## ሕቶታት?

**ነጻ ሓገዝ ንምርካብ ርኸቡና!**
ብዛዕባ እዚ ሽፋ ሕቶ እንተድኣ ኣለኩም ናብ 1-800-562-3022 ደውሉ።

## ናይ ምዝራብ ወይ ምስማዕ ስንክልና ወይ ናይ ምንቅስቓስ ጸገም

ናይ ምዝራብ ወይ ምስማዕ ወይ ናይ ምንቅስቓስ ጸገም እንተድኣ ኣለኩም ቆጸራ ክትሕዙ ከለኹም ንተቐባሊት ጋሻ ክትሕብሩ ይግባእ። ናይቲ ጥዕና ክንክን ተቐባሊት ጋሻ ኣገደስቲ ዝኾኑ ምትዕርራያት ንኽትገብር ክትሕግዘካ እያ።

## ኣገልግሎት ተርጓሚ

እንግሊዝኛ ጽቡቕ ጌርካ ዘይትዛረብ ወይ ጸማም፣ ጸማምን ዓይነ ስዉርን ወይ ናይ ምስማዕ ጸገም ዘለዎ እንተ ኼንካ፣ ሞያውያን ተርጐምቲ ብብዙሕ ቋንቋታት ዝትርጉሙ፣ ብቋንቋ ምልክት ዝትርጉሙ ብዘይ ክፍሊት ይርከቡ።። ቆጸራኻ ኣብ ትሕዘሉ እዋን፣ ነቲ ተቐባሊ ኣጋይሽ ተርጓሚ ከም ዘድልየካ ኣፍልጦ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ **hca.wa.gov/interpreter-services** ተወከሱ።

## ኣገልግሎት መጓዓዝያ

ናብ ቆጸራ ክንክን ጥዕናኻ ንምጉዕዓዝ ብዘይ ዝኾነ ወጻኢታት ሓገዝ ክትረክብ ብቑዕ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። እቲ ቆጸራ ብ Apple Health ንዝሽፈኑ ኣገልግታት ክኸውን ኣለዎ። ኣብ ከባቢኹም መጎዓዝያ ወይ ሐኪም ንምርካብ ደገፍ እንተድኣ ደሊኹም ብኽብረትኩም ናብ 1-800-562-3022. ደውሉ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ **hca.wa.gov/transportation-help** ተወከሱ።

HCA ናይ ፌደራልን ዋሽንግተን ሰብኣዊ መሰላት ሕጊ የኽብርን ኣብ ኣገልግሎትና ድማ ንኩሉ ማዕረ ኣገልግሎት ነቕርብ ድልዋት ኢና። መንበሪ ወይ መረዳእታ ብኻልእ ቅዲ እንተድኣ ደሊኻ፣ ብኽብረትካ ናብ **1-800-562-3022 (TRS: 711)** ደውል።

